“ቴድሮስ ገረዝጊሄር (ትሪባ) ፡ ሓለፊ ጸጥታ ኤየርፖርት አስመራ ዝነበረ ተፈቲሑ” እሙናት ምንጭታት

Posted on March 12, 2008 by Arr

ቴድሮስ ገረዝጊሄር(ትሪባ)፡ አብ ዝሓለፈ ወርሒ ካብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝተፈትሐ እሙናት ምንጭታት ይሕብሩ።
ናይ ሽኮርያ ሕማም ከም ዘለዎን ብሰንኪ’ዚ ሕማም ይሰቐ ክም ዝነበርን ዝንገረሉ ትሪባ፡ አብዚ ጊዜ’ዚ አብ አስምራ ምስ በዓልቲ ቤተን ደቁን ከምዘሎ ይሕበር። ሕክምና ይገበር ከም ዘሎ’ውን’ቲ ምንጪ ብተወሳኺ አረጋጊጹ።
ቴድሮስ፤ “ኣብ 1975 ካብ ኣዲስ-ኣበባ ዩኒቨርሲቲ እዩ ትምህርቱ ኣቛሪጹ ተሰሊፍ። ኣብ ብዙሕ ጽፍሕታት ተመዲቡ’ውን ካብኡ ዝሕተት ዘበለ ኲሉ ፈጺሙ። ብፍሉይ ዝዝከር ኣብ 1977-78 ኣብ ብርጌድ 44 ኣብ ስለያ ሰሪሑ። ኣብ 80ታት ከኣ ናብ እንዳ 72 ተቐይሩ። ኣብ ሜዳ ዝፈልጥዎ ኲሎም መጋድልቱ ድማ፡ ንሓላፍነት ዝበቅዕ ሰብ ከምዝነበረ ይምስክሩሉ።

ብድሕሪ ናጽነት ኣብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ተመዲቡ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ሃገራዊ ድሕነት ተቐይሩ። ብድሕሪ’ዚ ከኣ ደረጃ ትምህርቱን ተሞክሮኡን ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኬንያን ጅቡቲን ዝርከቡ ኤምባሲታት ኤርትራ ተመዲቡ ዘገለገለ ምኩር ናይ ስራሕ ሰብ እዩ። ምስ ጅቡቲ ዝነበረ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ምስተበላሸወ ከኣ፡ ናብ ኣስመራ ተሳሂቡ ሓላፊ ጸጥታ ማዕርፎ ነፈረቲ ኮይኑ ክሰርሕ ጸኒሑ።” (ሓልዮት ሰብአዊ መሰላት-ኤርትራ)

http://asmaragazette.wordpress.com

2008/03/12